# ኣብ ውሽጢ ዓይኒ ብመጥባሕቲ ዝስኳዕ መነጽር ዘፍሪ ትካል ፍረድ ሆሎውስ ብኣህጉራዊ መለኪዒታት ፍርያቱ ብቑዕ ምዃኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ ።

**---------0--------**

ንዑረት ሓበላ ዓይኒ ዝፍውስን ኣብ ውሽጢ ዓይኒ ብመጥባሕቲ ዝስኳዕ መነጽር ዘፍርን ትካል ፍረድ ሆሎውስ፣ ናይዚ ዓመትዚ ብቕዓት ፍርያቱ ዘረጋግጽ ምስክርነት ከምዝረኸበ ንኣካያዲ ስራሕ እቲ ትካል ኣቶ ኢሳያስ ፍስሃየ ሓቢሩ።

ፍርያት እቲ ትካል፣ ኣህጉራዊ መለክዒ ብቕዓት (ISO)፣ ናይ ኤውሮጳ ደረጃ ብቕዓትን ፣ መለክዒ ብቕዓት ፍርያት (CE MARK)ን ንዝተባህሉ ሰለስተ ናይ ብቕዓት መለክዒታት ድሕሪ ምሕላፍ እዩ፣ ካብ SGS ዝተባህለ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ትካል ደረጃ ብቕዓት ምስክርነት ረኺቡ። እቲ ትካል ኣብ ዝሓለፈ ዓመትውን ብቕዓት ፍርያቱ ዘረጋግጽ ምስክር ወረቐት ወሲዱ ምንባሩ ይዝከር።

ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ ኢሳያስ፣ እዚ ምስክርነት ደረጃ ብቕዓት፣ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝፈሪ መነጽር ውሽጢ ዓይኒ ኣብ ዕዳጋታት
ኤውሮጳን ዓለምን ተወዳዳሪ ይገብሮ።

እቲ ትካል ኣብ ዓመት ብቕዓቶም ብኣህጉራዊ መለክዒታት ዝተረጋገጸ 200 ሽሕ ናይ ውሽጢ ዓይኒ መነጽራት፣ ንሓደ ብኣስታት 10 ዶላር ኣሜሪካ፣ ናብ ልዕሊ 40 ሃገራት ይልእኽ። ይኹን እምበር ዛጊት ጠለብ ፍርያት እቲ ትካል ልዕሊ ናይ ምፍራይ ዓቕሙ እዩ።

ብዘይካዚ፣ ትካል መነጽር ውሽጢ ዓይኒ ፍረድ ሆሎውስ፣ ሓድሽ ፋብሪካ ንምስራሕ ንድፊ ኣብ ምድላው ከምዝርከብ ኣቶ ኢሳያስ ብተወሳኺ ሓቢሩ። እቲ ሓድሽ ፋብሪካ ናይ ምስራሕ ዕማም ምስተወድአ፣ ዓይነትን ብዝሕን ፍርያቱ ብዝተዓጻጸፈ ክብ ንምባል መደብ ኣለዎ።

ትካል ፍረድ ሆሎውስ ብ1994 ብገንዘባውን ቴክኒካውን ሓገዝ ፍረድ ሆሎውስ ዝተባህለ ኣውስትራልያዊ ትካል ኣብ ኣስመራ ዝተሃንጸ ኮይኑ፣ ንግዳዊ ፍርያቱ ብሓደ እብረ ኣብ መፋርቕ 1995 እዩ ጀሚሩ። ኣብዚ እዋንዚ፣ እቲ ትካል ብሰለስተ እብረ ይሰርሕ።

**********ኣዜኤ**********